# ካብ ምድምሳስ ናደው እዝ

# ክሳብ ግንባር ደቀምሓረ



ድሕሪ ካልኣይን ሓድነታውን ጉባኤ ዝተራእየ - ዓቢ ኣገዳስነት ዝነበሮ ፍጻመ፡ ምድምሳስ ናይ’ቲ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝነበረ ‘ናደው እዝ” እዩ። እዚ ሓይሊ’ዚ፡ ንትሸዓተ ዓመታት መመላእታ ጸላኢ ክትንከፍ ዘይክእል ዕርዲ’ዩ እናበለ ክምከ ሓሉ ዝጸንሐ እዩ።

ህዝባዊ ሰራዊት ካብ ዕለት17 ክሳብ 19 መጋቢት ኣንጻሩ ብዘካየዶ በርቃዊ መጥቃዕቲ ግን፡ ኣብ ውሽጢ 48 ሰዓታት ከምዘይነበረ ኮይኑ። መደበሩ ዝነበረት ከተማ ኣፍዓበት ከኣ ሓራ ኮይና። ካብቲ ኣብኡ ዓሪዱ ዝነበረ 20 ሽሕ ዝኸውን ሰራዊት ድማ፡ እቲ 18 ሽሕ ኣብ መንጎ ምሩኽ፡ ምዉትን ቁሱልን ኮይኑ። ንመጀመርያ ግዜ እውን፡ ምስኡ ተሰሊፎም ካብ ዝነበሩ ሶቬታውያን መኮንናት - ሰለስተ፡ ማለት ክልተ ኮሎኔላትን ሓደ ሓለቓ ሚእትን ተማሪኾም። ኣብ ‘ናደው እዝ’ ዝነበረ ንብረት ጸላኢ፡ እንተላይ ቢ.ኤም 21 ወንጨፍቲ ሮኬታትን ናይ 130 ሚሊ ሜተር መዳፍዕን ንብረት ሰውራና ኮይኑ።

እዚ ዓወት’ዚ፡ ውጽኢት ናይቲ ንትሸዓተ ዓመት መመላእታ ብዘይ ምቁራጽ ዝተኻየደ መሪር ናይ ምርብራብ ኲናት’ዩ ነይሩ። ክሳብ ናይ መጋቢት 1988 መጥቃዕቲ፡ ዘይድፈር ዝመስል ዝነበረ ናይ ከበባ ዕርዲ ፈርከሽከሽ ኢሉ። ጸላኢ ነዚ ንትሸዓተ ዓመታት ዘደልደሎ ዕርዲ ክከላኸለሉ ኣይከኣለን። ትንፋስ ዝመልሰሉ ንእሽቶ ዓወት ዘይምምዝጋቡ’ውን ምድኻም ዓቕሙ ኣዕርዩ ኣነጺሩ። ብኣንጻር’ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ተጠናኺሩን፡ በቲ ዝተሰልበ ብዙሕ ኣጽዋር ናይ ምግባር ዓቕሙ ዓብዩን። ብድሕሪ’ዚ ግንባር ሓልሓል እውን ተደምሲሱ። ዓቕሉ ዝጸበቦ ጸላኢ

ከይፈተወ ከተማታት ኣቑርደት፡ ባረንቱን ተሰነይን ክገድፈን ተገዲዱ። ካብ'ዚ ንደሓር፡ እቲ ሓድሽ ዕርዲ ሰራዊት ኣብ ኣፍ-ደገ ከረን፡ ኣብ መስሓሊት ኮነ። ዕብድብድ ዝኣተዎ ጸላኢ ካብ መላእ ኢትዮጵያ ሰራዊቱ ኣኻኺቡ ዕርድታትና ንምጥሓስ ክሳብ ኣዐርዩ ዝዳኸም ኣብ መስሓሊት፡ ሮራ መንሳዕ፡ ርእሲ ዓዲ ተደጋጋሚ ፈተነታት ኣካዪዱ። ብዘይ ሓደ ፍረ ግን፡ ምስቲ ናይ "ናደው እዝ" ደሚርካ ክሳራኡ 60 ሽሕ በጺሑ።

ብዘይካ'ዚ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ቀይሕ ባሕሪ እውን ሓድሽ ግንባር ከፈተ። ብ19 ሚያዝያ ኣብ ዓሰብ ብዝገበሮ መጥቃዕቲ፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ ነዳዲ መጻረዪ ትካልን ሓንቲ መርከብ ሓይሊ ባሕርን ዓቢ ጉድኣት ኣውሪዱ። ብ31 ግንቦት ፈጣናት ጀላቡ ብምጥቃም ኣብ መጻብቦ ባጽዕ ንዝነበራ ክልተ መራኽብ ሓይሊ ባሕሪ፡ ብ6 መስከረም ከኣ፡ ኣብ ወደብ ባጽዕ መጥቃዕቲ ብምግባር ኣብኡ ንዝነበራ ሰለስተ ዓበይቲ መራኽብ ጸላእን መኽዘናትን ሓንቲ ዕፍሪትን፡ ንገሊኡ ብከፊል፡ ንገሊኡ ከኣ ምሉእ ብምሉእ ኣዕንዩዎ።

ህዝቢ ኤርትራ ንሚዛን ናይዚ ዓወት'ዚ ኣይሰሓቶን። ናጽነቱ ንምጭባጥ ማዕጾ ከምዝተራሕወ እውን ብኡ ንብኡ ተገንዘበ። "ሎሚ ዘይከተተ ብደዉ ከም ዝሞተ!"፡ "ኣበርክቶና ማዕረ መኸተ ህዝባዊ ሰራዊትና!" ኢሉ'ውን ተላዕለ። ኣበርክቶኡ ንብረታዊ ቃልሱ ከኣ ቅድሚኡ ተራእዩ ብዘይፈልጥ ዓቐን ኣዕበዩዎ። ናይ "ጻውዒት ኤርትራ" ከምኡ'ውን "ክተት" ሽማግለታት ኣብ ከተማታት ሱዳን፡ መደበራት ስደተኛታት፡ ማእከላይ ምብራቕ፡ ኤውሮጳ ከምኡ'ውን ኣብ ከተማታት ኣመሪካን ካናዳን ተመስሪተን። ካብ ኩሉ ኩርንዓት ኤርትራን ሱዳንን ከኣ፡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ መንእሰያት መጸዋዕታ ሃገራዊ ክተት ኣኽቢሮም ንሜዳ ውሒዞም። እቲ ኣብ ስደት ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ ብመገዲ ሽማግለታት ክተትን ጻውዒትን ካብታ ዝነኣሰት ንብረቱ ክሳብ ኣሽሓት ኣቕራሽ ብምውጻእ ብዙሕ ገንዘብን ንብረትን ኣወፍዩ።

ዓበይቲ መጥቃዕትታት ህዝባዊ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ፡ ንምሕያል ተቓወምቲ ውድባት ኢትዮጵያ እውን ሓጊዙ እዩ። ድሕሪ ምድምሳስ "ናደው እዝ" ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ ወተሃደራዊ ምንቅስቓሳቱ ብምንጥጣፍ፡ ኣብ ልዕሊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ከቢድ ክሳራ ኣውሪዱ፡ ከተማታት'ውን ሒዙ። ግንባር ሓርነት ኦሮሞ ከኣ ኣብ ምዕራብ ኢትዮጵያ ምንቅስቓሳቱ ኣዛዪዱ።

እዞም ድሮ ብኩሉ ሸነኻት ዝተመዝገቡ ዓወታት ምእንቲ ክዕቀቡን ክቕጽሉን፡ ህዝባዊ ግንባር ርክባት ምስ ውድባት ኢትዮጵያ ደፍአ። በዚ መሰረት'ዚ፡ ኣብ መጋቢት 1988 ምስ ግንባር ሓርነት ኦሮሞ፡ ኣብ ሚያዝያ ምስ ህዝባዊ ወያኔ ሓርነት ትግራይ፡ ኣብ ኣገደስቲ ስምምዓት በጺሑ። እዚ ንውድቀት ስርዓት ደርግ ዘቀላጥፍ፡ ንሓይልታት ሓርነት ዘሐይልን ስምምዓት'ዚ በብግዚኡ ናብ ክብ ዝበለ ናይ ምትሕግጋዝን ምውህሃድን ደረጃ ማዕቢሉ።

ኣይተዓወተን። በዚ ተስፋ ከይቀረጸ ካልኣይ ግዜ ኣብ ግንቦት ዘካየዶ ፈተነ'ውን ከይተዓወተ ተሪፉ እዩ።

ሰራዊት ደርግ፡ ኣብ ግንባር ከረን ኣተሓሕዛኡ ምስ ኣረጋግኡ፡ ሸሕ'ኳ ከቢድ ክሳራ ወሪዱዎ እንተነበረ፡ ኣዝዩ ስለ ዝሰግኡ፡ ተወሳኺ ሰራዊት ስሒቡ፡ ካብ ቀጻሊ ጸቕጢ ህዝባዊ ሰራዊት ንምንጋፍን ተበግሶ ንምጭባጥን፡ ብኻላትል ኣዝሃራን ማዕሚደን ግንባር ከፊቱ ብፍጥነት ኣፍዓበት ንምምላስ ዝገበሮ ገዚፍን በዳሂን ፈተነ፡ ምስ ሰፍ ዘይብል ክሳራ ስለ ዝተመከተ፡ ድሕሪኡ'ውን ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ግንባር መንሳዕ ውሱን ስልታዊ መጥቃዕቲን ምምሕያሽ ቦታን ስለ ዝገበረ፡ ናይ ሰራዊት መግዛእቲ ተበግሶ ከምዝመክን ኮይኑ። ኣብ ካልኣይ ክፋል 1988 ኣብ ወተሃደራዊ ምዕባለታት ዝተራእየ ፍጻመ እንተነይሩ፡ ሓይሊ ባሕሪ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ መጻብቦ ባጽዕን ከባቢኡን ዘካየዶም ስርሒታት እዮም። ናይ ባሕሪ ስርሒታትና ኣብቲ እዋን'ቲ ብዓቐን ድሩታት ይንበር'ምበር ኣብ መልክዕ ናይ'ቲ ኩናትን ንመጻኢ ኣመዓባብላኡን ኣገዳሲ ኣመት ከምዝነበሮም ዘይስሓት'ዩ። ብኣጠቓላሊ፡ ኣብ ውሽጢ 10 ኣዋርሕ ናይ 1988፡ ሰራዊት ደርግ ኣስታት 45 ሽሕ ዝግመት ዓቕሚ ሰቡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ከምዝኾውን ኮይኑ እዩ።

ብግንባር ከረን ኪግበር ዝከኣል ስርሒት ተዓጊቱ ስለ ዝተደረተ፡ ስልታዊ ኣተኩሮ ህዝባዊ ሰራዊት ንምብራቓዊ ጎላጉል ዘቢሉ ኣብ መጀመርያ 1989 ኣብ ሰሜናዊ ጎላጉል ሰምሃር ዝተኻየደ ናይ መካናይዝድ ውግእ፡ ዕዉት ስርሒት ኮማንዶ፡ ኣብ ሽረ ብሓባር ምስ ኢህወደግ ዝተኻየደ ዕዉት ስርሒት፡ ኣብ ክፍላ መጋቢት 1989 ኣብ ኣሶሳን ከባቢኣን ዝተፈጸመ ዕዉት ስርሒታት፡ ኣብ ኤርትራን በይንናን ጥራይ ዘይኮነ ኣብ ዝተፈላለየ ከባቢታት፡ ኢትዮጵያ ብምትሕብባር ዘካየድናዮም ስርሒታት፡ ኣገደስቲ ወተሃደራውን ፖለቲካውን ምዕባለ ምስ ምኻኖም፡

ንታሪኻዊ ስርሒት ፈንቅል በሪ ዝኸፈቱ እዮም ኔሮም። ክሳብ ስርሒት ፈንቅል ከኣ ኣስታት 50 ምጡናትን ሰፋሕትን ውግኣት ተኻዪዶም። ካብ 08 ክሳብ 15/01/90፡ እቲ ንመስመር ጊንዳዕ - ባጽዕን ንወደብ ባጽዕን ሓራ ዝገበረ እስትራተጂያዊ ፈንቃሊ መጥቃዕቲ ተዓዊቱ። ብዓቐንን ብዓይነትን እቲ ዝማዕበለ፡ ኣብ ልዕሊ ደርግን ሰራዊቱን ራዕዲን ምንዋጽን ዘኸተለ፡ ንመኸተምታ ዕምሪ መግዛእቲ ዘቀላጠፈ፡ ብዓለም ደረጃ ከኣ ንተዓዋትነት ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋገጸ ፍጻመ ኮይኑ። ኣብ ውሽጢ'ቲ ክልተ ዓመታት ከኣ እቶም ክሳብ መወዳእታ 1990 ዝተኻየዱ ኣገደስቲ 14 ውግኣት ደሚርካ፡ ኣብ 64 ውግኣት ሰራዊት ደርግ ልዕሊ 110 ሽሕ ዝኸውን ዓቕሚ ከሲሩ።

ድሕሪ ስርሒት ፈንቅል፡ ኣተሓሕዛ ንምጥዕዓምን ንቐጻሊ መደባት ዝሕግዝን ፈተነ ህዝባዊ ሰራዊት ኣብ ቢዘን ኣይተዓወተን። ሰግኣት ጸላኢ ነስመራ ገዚፍ ስለ ዝነበረ ካብ መጋቢት 1990 ጀሚሩ፡ ኣብ ከባቢ ጊንዳዕን ሰሜናዊ ባሕርን ተኸታታሊ

ፈተነታት ኣካዩዱ'ዩ። ብወገን ህዝባዊ ሰራዊት፡ ኣብ ግንባር ጊንዳዕ ትሕዞኻ ምጽናዕ'ምበር፡ ናይ ምስንጣቕ ዕድል ጸቢብ ምኻኑ ስለ ዝተገምገመ ከኣ፡ ካብ መወዳእታ ሚያዝያ 1990 ናይ ደቡብ መጥቃዕቲ ተፈንዩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ሰንዓፈን ዓዲቐይሕን ሰገነይቲን ሓራ ኮይነን። ናይ ደቡብ ናህሪ ንምዝሓል፡ ጸላኢ ኣብ ግንባራት ቢዘንን ጊንዳዕን ግራት ኣውሊዕን ተረርቲ ፈተነታት ኣካዩዱ ኣይተዓወተን። ስዒቡ ኣብ መስከረም 1990፡ ህዝባዊ ሰራዊት ደቀምሓረ ንምቁጽጻር ዘካየዶ ፈተነ ከይተዓወተ ድሕሪ ምትራፉ፡ ኣብ ጥቅምቲ ጸላኢ ኣብ ከበባ ምእታው ጥራይ ዘይኮነ፡ ብምብራቕን ደቡብን ኣስመራ እቲ ቀንዲ ሎጂስቲካዊ ናይ ኣየር ደገፉ ኣብ ዝያዳ ስግኣት እናወደቐ ስለ ዝኸደ፡ ጸቕጢ ንምግባር ክልተ ፈተነታት ኣካዩዱ ከይተዓወተ ተረፉ። ድሕሪ ክልተ ወርሒ'ውን ኣብ መወዳእታ 1990 ዝኣኸሎ ምቅራርባት ገይሩ ኣብ ሓልሓል ዘካየዶ ክልተ መጥቃዕቲታት ተመኪቱ።

ድሕሪ'ቲ ንዓመት መመላእታ ዝተኻየደ ተመሳሳሊ መጥቃዕቲታትን ጸረ መጥቃዕቲታትን፡ ናብ ናይ መደምደምታ ውግእ ንምእታው፡ ኣብ መወዳእታ ለካቲት፡ መጥቃዕቲ ህዝባዊ ሰራዊት ንጢያን ዕዲን ከባቢ ዓሰብን ቀጺሉ፡ እቲ ናይ መወዳእታ ውግእ መጥቃዕቲ ደቀምሓረ ብ19/05/91 ጀሚሩ - ኣስመራ ዕለት 24/05/91 ሓራ ኮይና። ምሉእ ሓርነት ኤርትራ ከኣ፡ ብሓርነት ዓሰብ ዕለት 26/05/91 ተዛዚሙ። ኣብ ኤርትራ ዝነበረ 130.000 ዝግመት ሰራዊት መግዛእቲ ተሳዒሩ፡ ዕምሪ መግዛእቲ ኣኸቲሙ። በዚ ከኣ፡ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ - ተልእኾኡ ኣብ ብረታዊ ቃልሲ ኣብ መዕለቢኡ ኣብጺሑ።

<u>ምንጪ፡ መጽሓፍ 'ታሪኽ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ'</u>